# መንእሰያት ንዛተ

## ካብ ሃገራውነት ዝምንጭዉ መሰላትን ግቡኣትን

## ካልኣይ ክፋል ግቡኣት

ግቡኣት ብሓቶፋዊ ኣዘራርባ ናይ ምክልኻልን ናይ ምክንኻንን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ጉጅለ ክውገኑ እኳ እንተኽኣሉ፤ ኣብ ዝርዝራቶም ግን ብዙሓት እዮም። ናይ ምክልኻል ግቡኣት ሃገር ብዶባታ ከይትውረር፣ ኣብ ልዑላውነታ ከይትድፈር፣ ኣብ ውሽጢ ከርሳ ድማ ከይትሕመስን ከይትገማማዕን ንምክልኻል ካብ ዜጋታታ ዝጥለብ ሰብኣውን ንዋታውን ውፈያ ኮይኑ፤ ክሳብ መስዋእትነት እውን ዝሓትት እዩ። ሃገር ንኽትስስንን ንኽትምዕብልን ዝጥለቡ ሰብኣውን ንዋታውን ኣስተዋጽኦ ዜጋታት ድማ ከም ናይ ምክንኻን ግብኣት ተባሂሎም ክጥቀሱ ይከኣሉ።

__ሀ) ናይ ምክልኻል ግቡኣ__፤ ህይወት ሓንቲ ሃገር ብዝተፈላለየ ግዳማውን ውሽጣውን ተጻብኦታት ኣብ ሓደጋ ክወርድ ይኽእል፣ ከም ኣብነት ንምጥቃስ ዝኣክል ሓደ መንግስቲ ካብ ርሑቅ ኮነ ካብ ቀረባ ተበጊሱ ንሓንቲ ሃገር ክወራን ወሪሩ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከእትዋን ይኽል። ገለ ሃገራት እውን ብዶባት ምስ ዝራኸባ፤ ዶባዊ ሰበብ መንስኤ ብምግባር ሓንቲ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ከፊላዊ ወራር ከካይዳ ይኽእላ። ካልኦት ገለ ሓያላን ሃገራት እውን ንድኽመት ናይ ሓንቲ ሃገር ብምምዝማዝ፤ ንልዑላውነት ናይታ ድኽምቲ ሃገር ዋጋ ብምኽላእ፤ ዕላማ ናይ ዝተፈላለዩ ውሳነታቶም ክገብርዋ ይኽእሉ። ንኣብነት ፈተነ ምትኣስ ሓደገኛ ዝኾኑ ኣጽዋር ብምክያድ፣ ዝተፈላለዩ ቀመማውን ከሚካላውን መርዛም ነገራት ብምጉሓፍ፣ ብዘይ ዝኾነ ፍቃድ ናይታ ሃገር መሬታውን፣ ማያውን፣ ከሊ ኣየራውን ምንቅስቓሳትን በረራታትን ብምክይዳ ወዘተ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ማለት ህላውነትን ልዑላውነትን ሃገር ኣብ ዝፈታተነሉ ህሞት ድማ፤ ሃገራዊ ሕቶ ይኸውን እሞ፤ ሃገራዊ መልሲ ድማ ይሓትት። ኩሉ ዜጋ ድማ ከከም ኩነታቱ ንምክልኻል ሃገሩ፤ ግብኡ ብምብርካት ኩናትን ዋልታን ይኸውን።

ሰበስልጣን መንግስቲ ማለት እቶም ናይ ብሓቂ ፖለቲካውያን መራሕቲ ህዝብ'ውን ኣብዚ ህሞት እዚ ዓቢ እጃም ይጻወቱ። ንሱ ድማ ልዕሊ ኹሉ ንድሕነት ህዝቦም ቀዳምነት ይህቡ። ስለዝኾነ ድማ ብዝከኣል መጠን ብቀዳምነት ከምዚ ዓይነት ተጻባኢ ኩነታት ከይፍጠር ብዝከኣል መጠን ይጽዕሩ፣ ኣጋጣሚ ኾይኑ ምስ ዝፍጠር እውን ንኹሉ ጎንጽታት መፍትሒኡ ሕጊ ስለ ዝኾነ፣ ኣብ ክንዲ ኣጽዋር፤ ሕጊ ኣዋዲዶም ሕጋዊ ፍታሕ የናድዩ። ብኸምዚ መዳይ ድማ ድሕነት ህዝቦምን ሃገሮምን ይዕቅቡ። እቲ ጎነጻዊ ተረኽቦ ንሓይሊ ሕግውን ኣፍልጦ ዘይህብ ምስ ዝኸውን  ግን፤ ብረታዊ መኸተ ግድን ስለዝኸውን መራሕቲ መንግስቲ ንሃገር ብዝተሓተ ክሳራታት ክከላኸልዋ ይጽዕሩ፣ ሓልዮት ህዝቢ ብመራሕቶም ምስ ዝህሉ ድማ፤ ነገሩ ዓሳን ከም ዘይመውት

ባሕርን ከምዘይነጽፍ ዝዓይነቱ ሜላ ይሕዝ። ብኣንጻሩ ገለ ዘይህዝባውያንን ዘይሃገራውታንን መራሕቲ ገሊኦን ሃገራት ከም እኒ መራሕትና "ንድሕነትን ልዑላውነት ሃገር ዝሃለቀ ይህለቅ" ኢሎም ነጋሪት ኩናይ ይነፍሑ እሞ፤ ንዘለዎም ቁጠባዊ ሃጓፍ ካብ ዓለማዊ ባንኪ ብለቃሕ ሽፊኖም ኣዕናዊ ኣጽዋር ይሸምቱ፡ ኣህዛብ የጽንቱ፡ ሃገር የድፍሩ፡ ሃገራውነት የላሕልሑ፡ ሓድነት ህዝቢ ይበታትኑ፡ ታሪኽ ይጥምዝዙ፡ ድኽነትን ሕማምን ድንቁርናን ድሑርነትን ድማ የውርሱ።

ካብዚ ብዝተፈልየ መልክዕ፣ ብዙሓት ሃገራት ዓለማና ብፍላይ ድማ ሃገራት ኣፍሪቃ ብውሽጣዊ ፖሎቲካዊ ቅልውላው ንመዋእል ኣብ ነውጺ ኣትየን ክሳቀያ ይነብራ፡ መብዛሕትኡ ግዜ፣ ጠንቂ ናይዚ ውሽጣዊ ዘይምርግጋእን ምግምማዕን ህላውነት ናይ ዘይኣሳታፊን ሻራውን ስርዓተ መንግስቲ እዩ። ከም ኣብነት ናይዚ ዝተጠቕሰ ኩነታት ንሃገራት ከም እኒ ሱማል፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ ወዘተ ከንወስድ እኳ እንተ ኸኣልና ኣብ ኤርትራናውን ድሮ ሱር እንዳ ሰደደ ይኸይድ ከምዘሎ ዘማትእ ኣይኾነን። ከመይሲ "መንቅስቃስ ብሓረ ኩናማ" ፡ "ምንቅስቃስ ብሓረ ዓፋር" ወዘተን ካልእን ዝብሉ ናይ ተቓውሞ ደምበታት ከምዘለዉና ግሁድ ነገር እዩ። ብናተይ ተረድኦ ከምቲ መንግስቲ ዝነዝሖ ነታ ንኡሽተይ ኤርትራና ናብ ደምበ ብሄራትን እንዳታትን ክቆራምምዋ ዝቆሙ ውድባት ኣይመስሉንን። ኣብ ክንድኡ ብሓራውን ከባብያውን መሰላትናን ክብረታትናን ይተሓለውልና፡ ኣብ ፖሎቲካዊ ህይወት ሃገርናውን ተፈላጥነትን ተሳታፍነትን ይሃልወና ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ ሕትኦም። ንሕጋዊ ሕቶኦም ሕጋዊ መልሲ ስለዘይረኸቡሉ ድማ ኣብ ብረታዊ ጎንጺ ብምእታው ድሮ ኣብ ኤርትራና ሕድሕዳዊ ውግኣትን ሕድሕድ ምቅትታልን ተኸሲቱ ዘሎ።

ኣብ ከምዚ መዳይ እውን እንተኾነ፡ ንኸምዚ ዝገማምዕን ዝጎጃጅልን ሜላ ሒዙ ንዝጎዓዝ ጨቋንን ዘይኣሳታፍን ስርዓት ልጓም ኮይኑ ክቆጻጸር ዘለዎ ሓባራዊ  ሓይሊ ህዝቢ ጥራሕ እዩ። ከመይሲ እዝውን ካብቲ ኣቀዲመ ዘጠቀስኩዎ ብዘይፍለ መንገዲ፣ ሃገራዊ ሕቶ ስለዝኾነ ሃገራዊ መልሲ ኸኣ የድልዮ። ህዝብውን ነቲ ሃገራዊ ግብኡ ብምፍጻም እዩ ንኸምዚ ዓይነት ሃሰያታት ክውግድን ክከላኸልን  ዘለዎ።

## ለ) ናይ ምክንኻን ግቡኣት፡

ድሕሪ ምርግጋጽ ህላውነትን ልዑላውነትን ሃገር ስዒቡ ዝመጽእ፤ ምዕባለ ሃገር እዩ። ሓንቲ ሃገር ርእሳ ኽኢላ፤ ካብ ተጸባይነትን ተመጽዋትነትን ድሒና፤ ኩሉ ዘማልአ ኣዕጋቢ መነብብሮ ህዝቢ ክተውሕስ እንተድኣ ኾይና፤ ኣብ ቁጠባዊ፡ ትምህርተኣዊ፡ ሕክምነኣዊ፡ ሕርሻኣዊ፡ ቴክኖሎጂካውን ወዘተን መዳያት ወትሩ ሰንሰለታዊ ምዕባለ እንዳ ኣመዝገበት ክትስጉም ክትክእል ኣለዋ። እዚ ዕማም እዝውን ብኣላይነት መንግስቲ ዝካየድ ኮይኑ እቲ ቀንዲ ሓላፍነት ዝስከም ግን ህዝቢ ባዕሉ እዩ። ቀረጽን ግብርን ምኽፋል፡ ሃገራዊ ልምዓትን ማእቶታዊ ስረሓትን ምስ ዝእወጅ ነጻ ጉልበት ምሃብ ወዘተ ምናልባት እቶም ብሃገራዊ ሕጊ ከሕትቱና ዝኽእሉ ግቡኣት  ከይኮኑ ኣይተርፉን እዮም። መብዛሕትና፤ ዋላ መራሕትናውን እንተኾኑ ካብዚ ጽቢብ

ኣረዳድኣ እዚ ዝተናገፍና ኣይመስለንን። ምኽንያቱ እቲ ኣብ መንጎ መራሕትን ተመራሕትን ዝካየድ ግድል፤ ነዚ ነገራት እዚ ኣብ ምምላእ ጥራሕ ዝተደረተ ኮይኑ ስለዝረአ። ክንዮ እዚ ግን፣ ብሃገራዊ ሕልና ዘውቅስ ሃገራዊ ግቡኣት ከምዘሎ'ውን ክዝንጋዕ ዘይብሉ ጉዳይ እዩ። ንሱ ድማ ንቲ ንመነባብሮኻ ንምምራሕ ኢልካ እተካይዶ ጉልበታውን ኪኢላውን ጻዕርታት ብቀንዱ ንውልቀ ረብሓኻ ስሪዕካ ጎኒ ንጎኑ እውን ንሃገራዊ ረብሓውን ከምዝውዕል ምግባር። ከም ኣብነት ኩሉ ወይውን ዓቢይ ክፋል ክኢላዊ ሓይሊ ሓንቲ ሃገር፤ ካብታ ሃገር ወጻኢ ምስ ዝምዝመዝ፤ ዋላ'ውን እቶም ሰባት ነቲ ብሕጊ ዘሕትቶም ግቡእ እንተፈጺሞሙ'ውን ምናልባት እቲ ዝተሓተ ግቡእ ፈጺሞም እውን ክበሃል ይከኣል። እቲ ኣገልግሎትን ፍርያትን ሞያዊ ክእለቶም ካብቲ ዝኸፍልዎ ቀረጽን ግብርን ዝያዳ ኣድማዒ መኾነ ንዕብየት ሃገር። እዚ ነገር እዚ ኣብቲ ብኹሉ መለክዒታት ኣብ ዓለምና ቀዳመይቲ እትስራዕ ኣመሪካ፤ ብምገዲ ዲቪ ኣብ ዓመት ኣስታት ሓምሳ ሽሕ ሰብ ካብ ዝተፈላለየ ኩርነዓት ዓለምና መሪጻ ተእቱ። ብኻልእ ኣዘራርባ ኣመሪካ ኣብ ዓመት ሓምሳ ሽሕ ሙያውን ጉልበታውን ዓቅሚ ሰብ ብነጻ ንሃገራ ስሒባ ኣላ ማለት እዩ። ብኣንጻሩ ግን ገለ ሃገራት ዋላ ነቲ ውሑድ ዝርካበን ዓቅሚ ሰበን እውን ስኣን ግቡእ ኣተሓሕዛ ክጥቀማሉ ኣይርከባን ኣብክንድኡ ኣብ ዓለም ተበቲኑ ንረብሓ ወሃብቲ ዕቁባ ይውዕል።

እቲ ካልኣይ ግቡእ ባህርያዊ ኣሃብቲ ሃገር ይኹን እቲ ብመልክዕ ሃገራዊ ግቡእ ዝርከብ ንዋይን ሓይልን ኣብ እንታይ መዓላ ከምዝውዕል ምክትታልን፣ ኣብ እንታይ ክውዕል ከምዘለዎ ምሕባርን ሓሳብ ምብርካትን የድሊ። ከምድላዮም ይግበርዎ ዝብል ናይ ሻላ ፖሊሲ እንተ ተኸቲልና ግን፣ እቲ ንምዕሩይ ኣገልግሎትን ምዕባለን ተባሂሉ ካብ ኩሉ ዜጋ ዝተዋጸአ ጸጋ ሃገር፤ ንረብሓ ውሑዳት ወይ እውን ኣብ ዘይተደልየ መዓላ ክውዕ ይኽል።

ኣብ ዝመጽእን ሳልሳይን ክፋል ጽሑፈይ ንሕና ማለት ብፍላይ ኤርትራውያን ኣብ መሰላትናን ግቡኣትናን ዘሎና ጊጉይ ኣረዳድኣን ከም ሳዕበኑ ዝወረደና ሰንሰለታዊ ግፍዕን ክትንትን ብዓመይ ክትንትን ክፍትን እየ።